# ሰማእታትና
# ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም
# ዝተረፈ ደሞም ከይጸርር !

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ንዝኾነ ባዕዳዊ ወራሪ ኣሜን ኢሉ ሰጊዱን ተምበርኪኹን ዘይፈልጥ ሓያልን ተባዕን ህዝቢ እዩ።ሃገሩ ካብ ዝኾነ ወራሪ ባዕዳዊ ንምክልኻል ተቓሊሱን ተዋጊኡን ሰንኪሉን ተሰዊኡን እዩ። ሽሕ እኳ ኣብ ኢድ ባዕዳውያን ገዛእቲ ይውደቕ ፡ ብባህሎምን ቋንቋኦምን ግን ኣይተወረን፡ ንዝኾነ ባዕዳዊ ገዛኢ ኣብ መንጎኡ ኣትዩ ክሰፍር ኣየፍቀደን። እዚ መርኣያ ትብዓትን ቆራጽነትን ዘይተምበርካኽነትን ህዝቢ ኤርትራ እዩ።ኣብዚ ብጥርኑፍን ውዱብን መልክዕ ህዝቢ ኤርትራ ንሰላሳ ዓመታት ቃልሲ ዘካየደሉ ብምረቱን ንውሓቱን ኣዝዩም ውሑዳት መዳርግቲ ዝርከቦ ቃልስና ዝተራእየ ጅግንነትን ቆራጽነትን ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዓለም ውን መዘና የብሉን። መንእሰይ ኤርትራ ገድሊ ተጀሚሩ ምስ ተባህለ ኣብ ገበላ ኮይኑ ዝጻወት ዝነበረ መንእሰይ ኣብ ትምህርቲ ዝነበረ ተመሃራይ ኣብ በረኻ ዝነበረ ጓሳ ውራዮም ገዲፎም ንወለዶም ኣብዚ ንኸይድ ኣሎና ከይበሉ ንሜዳ ወሓዙ። መሳትኦም ከይዶም ምስ ሰምዑ ድቃስ ዘይብሎም ይሓድሩ ንኹሉ ማሕነቓታት ጸላኢ ፈንጢሶም ንሜዳ ጎየዩ።
እወ ገድሊ ክበሃል እንከሎ ከም ሽሙ ሃው ዝበለ ገደል ፡ መተርከስ ጎሮሮ ንጣብ ማይ ዘይትረኽበሉ፡ ዝብላዕ ተማህሊልካ ዘይትረኽበሉ ዕሩቕ ዝባንካ ቀዝሕን ህሮርማ ጸሓይን ንኣካላትካ እና ኣሕረሮ እሞ ምስኡ መውጋእትን መቑሰልትን መዓልታዊ ተርእዮ ዝኾነሉ እዩ። ንገድሊ ንገደል መን እዩ እሞ ክምነዮ! ወለድኻን ኣሕዋትካን ኣሓትካን ገጾም ዘይትርእየሉ ናይ ሕሰምን መከራን ባሕሪ እዩ። ኤርትራዊ መንእሰይ ግን ሃገር እንተዘየላ ኩሉ የለን! ቅድም ቀዳድም ሃገር ዝብል ጭርሖ ኣልዒሉ ደሙን ኣዕጽምቱን ከስኪሱ ነጻነት ሃገሩ ንምምጻእ ቆሪጹ ዝተላዕለ። መሪሕ ውድብ ህ.ግ. ኣውራጃ ዓሌት ሃይማኖት ከይፈላለየ ንኹሎም ኣብ ሓደ መኣዲ ኣኪቡ ብምንቃሕ ኤርትራውነት ሀ ኢሉ እዩ ሰረት ኣንጺፉላ።
ህ.ግ. እምበኣር ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓግሒጉ ብምድርባይ ባንዴራ ንምንብልባል ጥራይ ኣይኮነን ተቓሊሱ። ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሰብን መሬትን በብቐሩብ ሓራ ምውጻእ ኣብ ዝብል መትከል ረጊጹ ኣብቲ ነጻ ዘዘውጽኦ ቦታታት ህዝባዊ ምምሕዳራት ተኺሉ ህዝቢ ህዝባዊ ባይቶ መስሪቱ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝመርሕዎ ኣካላት መሪጹ ሃገሩ ኣብ ምምዕባለን ሰውርኡ ኣብ ምድንፋዕን ብዝተወደበ መልክዕ ይሰርሕ ኔሩ። ደቀንስትዮ ነቲ ዝነበረን ድርብ ጸቕጢ ኣወጊደን ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ብጾተን ሃገረን ኣብ ምህናጽን መነባብሮኣን ኣብ ምምሕያሽን ብዝለዓለ ክነጥፋ ጀመራ። ውድብ ህ.ግ. ንተራ ደቀንስትዮ ኣብ ሕብረተ ሰብ ኣገዳስነቱን ዕዙዝነቱን ተገንዚቡ ግቡእ ቦትኣን ስለ ዘትሓዘን ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ጽፍሕታት መዘና ኣልቦ ቅያ ክሰርሓ ጀመራ። ሓይልን ትብዓትን ቆራጽነት ደቀንስትዮ ኤርትራ ከኣ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ውድብ ህ.ግ. ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዓለም ውን መዳርግቲ የብሉን። ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ተዋጋኢት፡ ኣፍራዪት ኣላይት ሰድራኣን ስድራ ቤታን ኮታ ኹሉ  እያ። መሪሕ ውድብ ህ.ግ. ንኽልቲኡ ሃይማኖታት ንትሽዓቴኤን ብሄራት ኣብ ሓደ መኣዲ ኣወሃሂዱ ስለ ዘቃለሰን ዝተቓለሰን ነዞም ኩሎም ማእለያ ዘይብሎም ሽሾ ጸላእቱ እሳተ ጎሞራዊ ሓዊ ተፊኡ ንኤርትራ ነጻ ጌርዋ።እወ ጀጋኑና ኣሓ ወይ ኣጣል መስዋእቲ ኣሕሪሮም ሃገር ኣየምጽኡን፡ ንባዕሎም ከም ስምዒ መኪኾም እዮም ሃገር ኣምጺኦም። ጀጋኑና ኤርትራውያን ምኻኖም

እምበር ዓዶም ኣበይ ም`ኻኑ ካብ ልሳኖም ከውጽእዎስ ይትረፍ ትሕቲ ልሳኖም ውን ኣየድምጽዎን ኔሮም። ንዕኦም እታ ደሞም ዘፍሰሱላን ህይወቶም በጃ ዝኸፍሉላን ስጋኦም ሓመድ ትለብሰላን ኤርትራ ጥራይ እያ ተገድሶም። ከምታ ብሓባር ኣብ ኩሉ ዝተሰዉኡላ ፡ ብሓባር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ትርብዒት ሜተር ኤርትራ ከኣ ኣብ ምህናጽን ምምዕባልን ክሰርሑ ም`ኻኖም ኣጸቢቖም ይፈልጡ ኔሮም።ጅግና የርኢ እምበር ኣይርእን ከም ዝበሃል፡ ጀጋኑና ንሕና መታን ካብ መቕዘፍትን ማሕረድትን ጸላኢ ክንድሕን ንሰም በጃና ብናፓል ቦምብ ሓሪሮም፡ ብታንክታት ጸላኢ ተጣሒኖም! ጀጋኑና ዝተሰውኡሉ ቀንዲ ዕላማ ባንዴራ ሰቒልካ ማና ካብ ሰማይ ክወርደልካ ኮፍ ኢልካ ክትጽበ ኣይኮኑን በጃ ሓሊፎም። ህ.ግ. ደሙን ኣዕጽምቱን ከስኪሱ ሃገር ነጻ ድሕሪ ምውጻእ፡ ኣብቲ ካልኣይ ቃልሲ ጉልበቱን ረሃጹን ኣንጠብጢቡ ኣብታ ናብ ዓወት ዘብጽሓቶ „ ርእሰኻ ምኽኣል „ እትብል መርገጺኡ ረጊጹ ሃገር ክሃንጽ ም`ኻኑ ካብ መጀመርትኡ ዝሓንጸጸ መደብ እዩ። ኤርትራ ኩሎም ዜጋታታ ብሓደ ልቢ ብሓደ መንፈስ መርፍእን ፈትልን ብም`ኻን ተቓሊሶም ቆሲሎም ሰንኪሎም ክቡር መስዋእቲ ከፊሎምላ እያ ነጻ ክትከውን ክኢላ። ኤርትራ ሃገርና ኣብ ታሪኽ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ብፍሉይ ኣብነት እትጥቀስን ሓንትን እያ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን፡ እቲ ምንታይሲ ኣብ መበል ዓሰርተው ትሽዓተ ክፍለ ዘመን ዝተቓልቀላ ከም ናይ ቻይና ፡ ላኦስ ፡ ካምቦዲያ ፡ ኩባን ዝኣመሰላ ሰውራውያን ውድባት ብውሕዱ ናይ ሓንቲ ርእሰ ሓያላን ደገፍ ኔርወን ። ኤርትራ ግን ብኣንጻር እዚ እተን ዝበሃላ ክልተ ርእሰ ሓያላን ኣብ ካልእ እዋን ነንሓድሕደን ብዓይኒ መርፍእ ዝተሓላለዋ ተጻባእቲ ክነሰን ኣብ ኤርትራ በጺሔን ብሓባር እንተላይ ሰዓብተን ንኤርትራ ንምጥፋእ ዝከኣለን ዘበለ ይገብራ። ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር ብዘይ ናይ ማንም ደገፍ ን`ኹሎም ተጻባእቱ እሳተ ጎሞራዊ ረመጽ ነስኒሱ ብምጥፋእ ነጻነቱ ስለ ዝጨበጠ ፍሉይ ይገብሮ።እዚ መዳርግቲ ኣልቦ ፍሉይ ህዝቢ እዚ ነቲ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ሰረት ኣንጺፉ ጐድኒ ንጐድኒ እቲ ኩናት እናሰርሓሉ ዝመጸ ህንጸት ሃገር ፡ ኣብ ጽባሕ ናጽነት ብምሉእ ሓይሉ ሓመድ እግሩ ከይነገፈ ንሓንቲ ሰዓት ውን ከየስተንፈሰ ነታ ብናይ ሰላሳ ዓመታት ውግእ ፈጺማ ዝዓነወት ሃገር ኣብ ምህናጽ እዩ ቀጺሉ። እወ ብሓባር ኣነ ክሰዋእ ንስኻ ጽናሕ እናተበሃሃለ ብመኸደን ብራሾ ማይ እናተኻፈለ ዘምጻኣ ሃገር ደሙን ህይወቱን ዘይበቐቐላ ሃገር ሎሚ ከመይ ጌሩ ረሃጹ ክበቀላ ! ከምኡ ሳላ ዝገበረ ከኣ ኣብ ሸውዓተ ናይ ነጻነት ዓመታት ዝተሰላሰለ ቅያ ልምዓት እሞ ብዘይ ናይ ማንም ደገፍ ኣብ ዓለምና ቅድሚ ሎሚ ኣይተራእየን።እወ እዚ ሳላ ዝተገብረ ከኣ እዮም ሰማእታትና ኣብ መቓብሮም ዝቐስኑ። ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ናይዛ ሃገር ብዛዕባ ሃገር ክሓስብ እንከሎ በቲ ካልኣይ ገጹ ከኣ ብዛዕባ እቶም ጀጋኑ ሰማእታትና ክሓስብ ኣለዎ፡ እዚ ማለት ነፍሲ ወከፍ ኣብ ልዕሊ እዚ ንጹህ ህዝቢ እንፍጽማ ክሕደትን ጥልመትን ንጀጋኑ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም ነቲ ዝተረፈ ደሞም ከም ዝጸርር ከም ዝገብሮ ክንፈልጥ ይግባእ።

ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ንዓይ ይጥዓመኒ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣይነበረን። ነዛ ሃገር ከኣ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ( ነቶም ማዕበል ሰውራ ንደገ ዝጎሓፎም ከዳዓት ገዲፍካ) ብማዕረ ተቓሊሱላ ተሰዊኡላ ሰንኪሉላ እዩ። ኣብ ነጻ ኤርትራ ከኣ ከምኡ ብሓደ ዓይኒ ክረኣየላ ክነብረላ ክሕጎሰላን ክሰርሓላን መሰሉ እዩ።

እንታይ ምስ ዝፍጸም እዩ ፡ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም እተን ዝተረፋ ዝጸርራ!

1. ብሓደ ተቓሊስካ ዓዲ ኣቲኻ ገሊኣ ብገንዘብ ተቐቢራ ኣፋ ብዊስክን ቢራን ክትጉጽጉጽ ፡ ደቃ ኣብ ፍሉይ ቤትትምርቲ ክትሰድድ ፡ ገሊኣ ከኣ ተቓሊሳ ከም ዘይኣተወት ንጎቦ ተደርብያ ብሕሰም መነባብሮ ምስ እትሳቐ፡ ሽዑ እዩ ጀጋኑ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም እተን ዝተረፋ ደሞም ዝጸርራ።
2. ኣብ ማሕበራዊ ፍትሒ ፡ ሓወይ ሓውኻ ወገነይ ወገንካ ገኒኑ ሓቂ ተጓዕጺጻ በደልን ዓመጽን ኣድልዎን ገኒኑ ህዝቢ ምስ ዘማርርን ሓንቲ ሰዓት ግዜ ዘይትውድእ ነገር መዓልትታት ሰሙናት ኣዋርሕ ምስ እትጓተትን ኮለል ምስ ዝብልን ፡ ህዝቢ ክላእ

ካብቶም ገዛእቲ ከፌኦሙና ምስ ዝብልን፡ ሽዑ እዩ ጀጋኑ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም እተን ዝተረፋ ደሞም ዝጸርራ።

3. ኣብ ደገ ዝነብር ኤርትራዊ ሆናትን ዋልታን ናይ ሀገሩ ኣብ ክንዲ ምኻን መዝሙር ጸላእቲ ክዝምርን ብማንካ ጸላእቲ ምስ ዝበልዕን ፡ ሽዑ እዩ ጀጋኑ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም እተን ዝተረፋ ደሞም ዝጸርራ።
4. ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ እዛ ሃገር ብሓባር ከም ዘይተቓለሰን ክቡር መስዋእቲ ከም ዘይከፈለን፡ ሓደ ወገን ዝያዳ እቲ ሓደ ከም ዝተቓለሰን ዝተሰውኣን ተቐጺሩ ፍሉይ ቆላሕታን ሓለፋታትን ክግበረሉ እቲ ካልእ ከኣ ክርሳዕን እንተኮይኑ፡ ሽዑ እዩ ደም ናይቶም ጀጋኑ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም ዝጸርር።
5. ባዕዳውያን ገዛእቲ ንምግዛእና ክጥዕሞም ብዓሌትን ቀቢላን ኣውራጃን ጎጂሎም ሓዊ ከእትዉልና ዝኣጎድዎ ሓዊ ሳላ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ካብ ሱሩ ምሕዩ ዝደርበዮ ሎሚ ኣብ ነጻ ኤርትራ ከም እንደገና ክንዘርኦ እንተደኣ ኮይንና ፡ ሽዑ እዩ ሰማእታትና እተን ዝተረፋ ደሞም ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም ዝጸርራ።
6. ነጻነትናን ምዕባሌናን ዘቕነኦም ራህዋ ህዝቢ ኤርትራ ክርእዩ ዓይኖም ደም ዝመልኦም ደመኛ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ንምጥፋእና ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብልሉ እዋን ደቂ ሃገር ኣብ ጉድኖም ምስ ዝሰለፉ: ሽዑ እዩ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም እተን ዝተረፋ ደሞም ዝጸርራ።
7. ህዝባዊ ግንባር እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ መኣዲ ኣስሚሩ ብዘይ ኣፈላላይ ኣቃሊሱ ነጻነት ዘምጸአ እንኮ ውድብ እዩ። ምስቶም ማዕበል ሰውራ ንደገ ዝጎሓፎም ሓተላ ሰውራ መጋበርያ ጸላኢ ኮይንካ ንውድብ ህ.ግ. ከተጸልም ምውዓልን መዝሙር ጸላኢ ምዝማርን ምስ ዝርአ፡ ሽዑ እዩ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም እተን ዝተረፋ ደሞም ዝጸርራ።
8. ኩልና ኣጸቢቕና ከም እንፈልጦ እዛ ሃገር ንነፍሲ ወከፍና ህያብ ሰማእታትና እያ። ነፍሲ ወከፍና እዚ ሕድሪ ሰማእታትና ኣብታ ብደም ዝጨቀወት ጥውይቲ ነጻላ ኢና ተቐቢልናያ።ስድራ ሰማእታትን ወለዲ ሰማእታትን ብህይወት ክሳብ ዘለዉ ንሕና ብህይወት ክሳብ ዘለና ምንባዮም ነፍሲ ወከፍና ዝተቐበልናዮ ሕድሪ እዩ። ነዚ ምስ ዘይንትግብር፡ ሽዑ እዩ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም እተን ዝተረፋ ደሞም ዝጸርራ።
9. መሪሕ ውድብ ህ.ግ. ኣብቲ መጀመርያ ክምስረት ከሎ ዘውጸኦ ዲሞክራስያዊ መምርሒኡ ህዝቢ ኤርትራ ሸቃላዩን ሓረስታዩን ምሁሩን ሓንቲ ረብሓ ሓፋሽ ህዝቢ ዝረብሓሉ መንግስቲ ኣቝሙ ብናይ ሓፍሽ ህዝቢ ሓባራዊ ስራሕ ስልጥንትን ምዕብልትን ኤርትራ ንምፍጣር እምበር ፡ ባዕዳዊ ቡርጅዋ ሰጕግካ ብሃገራዊ ቡርጅዋ ንምትካእ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ ቡርጅዋ ተመስሪቱ ህዝቢ ኣደራዕ ምስ ዝወርዶ፡ ሽዑ እዩ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም እተን ዝተረፋ ደሞም ዝጸርራ።
10. ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ናይዛ ቅድስቲ ሃገር ሰማእታት ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ባዕዲ ዝነብር ንኤርትራ ከም ብሌን ዓይኑ ለይትን ቀትርን ክሕልዋን ዝኾነ ሽግር ምስ ዘጋጥማ ኣለኹልኪ ክብል ኣለዎ፡ ሃገር ትጠልቦ ዘበለ ከኣ ከም ዕለታዊ ድሌቱ ቆጺሩ ክውፈን ከማልእን ኣለዎ። እዚ ግብራዊ ምስ ዘይከውን ሽዑ እዩ ሰማእታትና ኣብቲ ካልኣይ መቓብሮም እተን ዝተረፋ ደሞም ዝጸርራ።

እወ ኣብ ዓለም ነባሪ ታሪኽ እምበር ነባሪ ሰብ የለን። ነፍሲ ወከፍና ኣሰር ናይቶም ኣብ ዓለም መዳርግቲ ኣልቦ ቅያ ሰሪሖም ዝሃለፉ ጀጋኑ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ረጊጽና ናይ ዓለም ብሕታዊ ስስዐን ጎነፍነፍን ንዓይ ይጥዓመኒ ብምባል ንገንዘብን ንብረትን ጥሪትን ግዙኣት ክንከውን የብልናን። ኣብ ዝሰርሖ ቪላ ዝተቐብረ ወይ ውን ቪላኡ ሒዙ ንመቓብር ዝኸደ ሰብ የሎን፡ ወይ ውን ብገንዘብ ብዝሒ ካብ ሞት ዝምለጠ ወይ ውን ገንዘቡ ሒዙ ንመቓብር ዝኸደ ሰብ የለን። ድሕሪ ሞት ኣብ ትሕቲ መሬት ተራኺብና ኣነ ሃብታም ኔረ ንስኻ ድኻ ኔርካ እናተበሃሃልካ ትጀሃረሉ ኩነት የለን፡ ኩላ ንሓመድ ንፍልሖ እያ። ነዚ ተረዲእና ስስዐን ንዓይ ይጥዓመንን ኣወጊድና ንህዝብናን ሃገርናን ክንሓስብን

ነቲ ጆጋኑ ሰማእታትና ዝወደቑሉ ዕላማ ፡ ነቲ ጽባሕ መጻኢ ትውልዲ ክኾኖ እንምነዮ ሎሚ ብሓባር ክንሰርሓሉን ክንጽዕረሉን ኣለና።
ምንባርና ንሃገርና ክኸውን ኣለዎ፡ ክንትንስእ ሎሚ ነዛ ሃገር እንታይ ክገብረላ እየ ፡ ክንድቅስ ከለና ከኣ ነዛ ሃገር ሎሚ እንታይ ጌረላ ኢልና ንነብስና ክንሓትት ይግባእ። ናይ ምዕራባውያን ሃገራት ብሰሓቢ ሕብሪ ዝተለኸየ ዝተላዕጠጠ ስሚ ኣቑዲምና ክንነቕሓሉን ንወገና ክንምህረሉን ይግባእ። ናይ ምዕራብ ሃገራት ካብቲ ማእለያ ዘይብሉ ካብ ኣፍሪቃ ዝዘመትዎ ሃብቲ ንመጥፍኢና ካብ ውቅያኖስ ብጭልፋ እንተሃቡና ንድሕነትና ከይመስለና። ናይ ርሑቕ ዕላምኦም ንኣፍሪቃዊ ኣጽኒትካ ንኣፍሪቃ ምግባት እዩ። ነዚ ከኣ ብጀካ ኤርትራ ዝፈለጠቶም ሃገር ኣላ ኢልና ኣፍና መሊእና ክንዛረብ ኣይንደፍርን። ንሕና ግን ንሕና ኢና ካብ ውሻጤኦም ከይወጸ ከሎ ኢና ንፈልጦም። ኣጆኹም ኣጆና ብሩህ እዩ መጻኢና ፡ ምውሓድና ርእዩ ትኒዕ ዝብለና ከኣ ወይልኡ እሳተ ጎሞራዊ ሓዊ ኢና እንተፍእ።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !